## ክፉት መዋእለ ህጻናት

ክፉት መዋእለ ህጻናት ካብ 0 - 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑት ምስ ስድራቤቶም ቀትሪ ዝራኸብሉ ቦታ ኢዩ። ናብዚ መጺኦም ክሳተፉ ዝደልዩ ኣቐዲሞም ምምልካት ኣየድልዮምን። ኣብዚ ክፉት መምዋእለ ህጻናት ውላድኩም ቅድሚ ኣብ ስሩዕ መዋዕለ ህጻናት ምጅማሮም ተሞኩሮ ሓበራዊ ምርድዳእን ጸወታን የማዕብሉ።

ከተማ በርገን ኣብ መብዛሕቲኦን ክፍላተ ከተማታት 15 ናይ ውልቀ ዝኾና ክፉታት መዋእለ ህጻናት ኣለዋ።

## ኣብ ክፉት መዋእለ ህጻናት እንታይ ይትግበር?

- ክፉት መዋእለ ህጻናት ብሓደ በዓል ሞያ መምህርነት ህጻናት ዝምራሕ ስነትምህታዊ ፍጻመታት ዝሳለጠሉ ኢዩ።
- ኣብ ሰዓታት ስራሕ፣ ኣብ ዝደለኹሞ ግዜ ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም።
- ክፉት መዋእለ ህጻናት ክፍሊት ኣይሓትትን ኢዩ። ኣብ ገለ ክፉታት መዋእለ ህጻናት ግና ቁሩብ ንዝተፈላለዩ ንጥፈታት፣መግቢን ኣቑሑትን (5 ክሮነርን ልዕሊኡን) ክፍሊት ዝሓቱ አለዉ።
- ኣብ ግዜ ጸወታን ንጥፈታትን ናይ ውላድኩም ሓላፍነት ትወስዱ ባዕልኹም ወለዲ ኢኹም። ኣብ ምልዓል መጻወትን ስሩዕ ኣታሕዛ ንብረትን ዝምልከት ስራሕ ትሕግዙ ኢኹም።
- ዘለዉ ንጥፈታት ከም ኣብነት ሓበራዊ መድረኽ፣ መዝሙርን ደርፍን፣ ኢደጥበብን ስራሕቲ ዝተፈላላዩ ቅርጽታትን፣ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ብእግሪ ዝግበር ጉዕዞን፣ ምድላው መግብን ሰዓታት መኣዲ/ መግብን ኢዮም።
- ውላድኩም ምስ ካልኦት ህጻናት ስለዝጻወት ቋንቋ የማዕብል፣ ኣካላዊ ምትዕጽጻፍን ማሕበራዊ ክእለታትን'ውን የማዕብል።
- ምስ ካልኦት ስድራቤታት ትላለዩ።
- ብዛዕባ ሕጉሳት ቆልዑን ምዕባለኦምን፣ መዋእለ ህጻናትን ቆልዓ ንኽምዝገብ ዘሎ መንገዲ ምምልካትን ከምኡ'ውን ኣናእሽቶ ቆልዑ ንዘለዉዎም ስድራቤት ዝምልከቱ ካልኦት ዕድላት ሓበሬታ፣ ምኽሪን መርሆን ኣብ ክፉት መዋእለ ህጻናት ክትረኽቡ ትኽዕሉ ኢኹም።

BERGEN
KOMMUNE